ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ  الجبهة الديمقراطية الشعبية الإريترية

# ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC FRONT

## *ውድባዊ መግለጺ*
## *ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ)*
## *ብምኽንያት 24 ግንቦት ዝኽሪ መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ*

24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ፡ ህዝብታትና ነጻነት፣ ሰላም፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ፍትሕን ማዕርነትን፣ ደሞክራስን ልምዓትን፣ ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ኩሉ-መዳያዊ መስዋእቲ ዋጋ ናይ ቃልሲ ብምኽፋል፡ ሃገራዊ ነጻነቶም ዘረጋገጹላ ዕለት ስለዝኾነት ኣብ ታሪኽ ህዝብታትና መዳርግቲ ዘይብላ ታሪኻዊት ዕለት እያ።

ይኹን'ምበር ብዋጋ ከቢድ መስዋእቲ ክዉን ክኾኑን፡ ኣብ ጠቕሚ ህዝብታትና ክውዕሉን ትጽቢትን ተስፋን ዝተነበረሎም መሰላትን ረብሓታትን ብሰንኪ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍ ፖለቲካዊ ስልጣን ምጭባጡ በርዒኖም፡ ሃገራዊ ነጻነትና ድማ ''ስማዊ ነጻነት'' ኮይና፡ ብሸፋና ህዝብታትና ግዳይ ናይ ስዉር መግዛእታዊ ግፍዕታት ብምዃን ን17 ዓመታት ዝኣክል ብኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን እናተሳቐዩ መጺኦምን ይሳቐዩ ኣለዉን።

<u>*ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!*</u>

24 ግንቦት 2008 ንመበል 17 ዓመት ኣብ እነብዕለሉ ዘለና ወቕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን ተጻዊኖም ዝጸንሑ ጭቆናን ጸገማትን ሎሚ'ውን ብዝኸፍአ መልክዖም ኣብ ዝረኣዩሉን፡ ሕሰም ኣብ ዘውርዱሉን ኩነታት ኮይና ኢና ነብዕላ ዘለና።

ስለዝኾነ  ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ናይ ህዝብታትና ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ፡ ሃገር ሕግን ሕገ-መንግስትን ብዘይብሉን ዘይቅቡልን ጉጅላዊ መንግስቲ ኣብ እትምራሓሉ፣ ብስም ልኡላውነት ህዝብን ሃገርን፡ ሃገራውን ህዝባውን ጉዳያት ንግዳም ብዘቕንዑ ሜላታት ኣብ ዝተወንዘፍሉ፣ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ልምዓትን መንእሰይ ክፍሊ ሕብረተ-ሰብና ብሓፈሻ ኣገልጋሊ ጉጅለ መንግስቲ ህግደፍን ግንባሩን ብምዃን፡ ጻማ ኣልቦ ጊላዊ ኣገልግሎት ክህብ መሊኡ ኣብ ዝተገደደሉ፣ ሃገራዊ ቁጠባና ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታትን ገባቲ ተግባራትን ናይ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ዝወደቐሉ፣ ህዝብታትና ናብ ከቢድ ስእነትን ድኽነትን ተሳጢሖም፡ ዕለታዊ መነባብሮኦም ምምራሕ ናብ ዝስእንሉ ደረጃ ኣብ ዝበጽሑሉ፣ ኤርትራዊ መንእሰይ ብብዝሒ ናብ ስደት ኣብ ዝውሕዙሉን ንዝኸፍኣን ዘሰካሕክሕ ናይ ስደት ጸገማትን፡ ሞትን ኣብ ዝተሳጥሑሉ፣ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውሳነ ኣህጉራዊ ኮምሽን ዶብ ብሰላምን ብዘተን መዕለቢ ንኸይረክብ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ዓቃብ-ሰላም ኣህጉራዊ ሓይሊ ዘይቅቡላትን ጽዩፋትን መሰናኽላት ብምፍጣር ካብ ኤርትራ ክወጽእን ጉዳይ ዶብ ናይ መወዳእታ መዕለቢ ንኸይረክብን ብምግባር፡ ሓድሽ ናይ ምትኹታኽ ወስታ እናርኣየ፡ ሎሚ'ውን ከም ልማዱ ጉዳይ ዶብ ከም መሕብኢ ኣጀንዳ ብምጥቃም ይሰርሕ ኣብ ዘለወሉ፣ ሃይማኖታውን መንፈሳውን እምነታት ናይ ህዝብታትና በዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ እናተራኸሰን፡ ቀጻሊ ዕንቅፋታትን ተጽዕኖን እናጋጠሞን መንፈሳውያን ኣገልገልቲ ተገዲዶም ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝኸድሉን፡ ክሳብ ብሓይልን ድፍኢትን መንፈሳዊ ስልጣን ምልዋጥ ዝረኣየሉን፡ ኣብ ትሕቲ መጠነ-ከቢድ ጸገማትን ጭቆናን ኮይንና ነብዕላ ምህላውና ሓቂ እዩ።  ስለዝኾነ 24 ግንቦት ነዞም ጸገማት እዚኣቶምን ካልኦትን መፍትሒ ንኽረኽቡ ከቢድ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት እንስከመላ ረዛን ዕለት'ያ።

*ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ*!

*ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ን17 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን ከበድቲ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ጭቆናን ምዝመዛን ከካይድን፡ ኣብ ሃገርና ናይ ውድቀትን ምብትታንን ጸሊም ደመና ከንጠልጥልን፡ ስግኣታት ክስፍንን ክገብር ዘብቅዖ ዘሎ ኣጋጣሚ፡ ድኽመትን ዘይሓድነትን ናይ ተቓወምቲ ሓይልታትና ብምንባሩን ህያው ብምህላዉን እዩ። ህዝብታትና ብቐረባ ኣብ ጎንኹም ብምኳን ዝውድብኩምን፡ ንቃልሲ ዘተሓባብረኩምን ድልዱል ሃገራዊ ሓይሊ ብምስኣንኩም ኢኹም ግዳይ ናይ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓን ጭቆናን ኣድልዎን ስቅያትን ትኾኑ ዘለኹም።*

*እዚ ሽግራት'ዚ መፍትሒ ክረክብ ዝኽእል ድማ፡ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ብምስራዕ፡ ዓቕሞምን ትሕዝቶኦምን ኣወሃሂዶም፡ ንእዋናዊ ሓባራዊ ጸላኢ ንምውጋድ፡ ክቃለሱ ምስ ዝበቕዑን፡ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ግንባር ከዕስሉ ምስ ዝኽእሉን ጥራሕ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ከም ዝጸንሕዎ ብብቱን ሂወትን ሕድሕድ ምንጽጻግን፡ ውልቀ-ስልጣን ቀዳምነት ብምሃብ ምስሕሓብን ምስዝቕጽል ግን፡ ንጸላኢ ዕድል ካብ ምሃብን፡ ጩካን ኣገዛዝኣኡ ዕድመ ክውስኽ፡ ስቓይ ህዝብታትና ድማ ክቕጽል ካብ ምግባርን ሓሊፉ፡ ዝህቦ ህዝባዊ ይኹን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ፋይዳ የብሉን። ስለዝኾነ ሓፋሽ ህዝብታትና ድኽመታት ተቓወምቲ ውድባትና ኣብ ምውጋድ ደራኺ ፖለቲካዊ ተራኹም ክትጻወቱ እዩ ዝህልወኩም።*

*ጭቁናት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን (ህዝብታት) ኤርትራ!*

*ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን መንግስቲ ህግደፍ፡ ወድዓዊ ክውንነትኩም ብምኽሓድ፡ ከም ንኡስ ማሕበራዊ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት ብምርኣይ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልኩም ብምግሃስን ብምርጋጽን፡ ማሕበራውን ቦታውን ኣሰፋፍራኹም ንምቕያር ብዘይድሌትኩምን ዕግበትኩምን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምግዓዝ፡ ኣብ መንጎኹም ጽልእን ቅርሕንትን ብምፍጣር፡ ብዋጋ ዘይምትእምማንኩምን ዘይሓድነትኩምን ዕድመ መግዛእታዊ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዓመት፡ መዓልቲ ነጻነትኩም ተኽብሩ ብምህላውኩም፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ ከቢድ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት ክትስከሙ እትዕድም ዘላ ታሪኻዊት ዕለት እያ።*

*ስለዝኾነ፡ ንመንነትኩም፣ ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልኩምን ደሞክራስያዊ ፍቶታዊ ሓድነትኩምን ክትብሉ፡ ንጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን መንግስቲ ህግደፍ ብምግጣም፡ ደሞክራስያዊ ናይ ቃልሲ ሓድነትኩም ብምትራር መጻኢ ዕድልኩም ባዕልኹም ናይ ምውሳን መሰልኩም ብቓልስኹም ብምርግጋጽ፡ ፍቶታዊ ሓድነትኩምን ማዕርነትኩምን እተረጋግጽን እተውሕስን ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ፡ በዚ ኣጋጣሚ ናይ ነጻነት ዕለት'ዚ ሓይልኹምን ዓቕምኹምን ብምድልዳል መፈንጠራ ህግደፍ ብምብጣስ ንዝለዓለ ናይ ቃልሲ ምርብራብ ክትዳለዉን ክትምርሹን'ዩ ዝህልወኩም።*

*ተቓለስቲ ሓይልታት ኤርትራ*!

*ካብ ዝጸንሐ ናይ ምንጽጻግን ምፍልላይን ኩነታት ዝፈጠሮ ከቢድ ፖለቲካዊ ክሳራን ምጉዳል ህዝባዊ ኣሜኔታን ሕማቕ ተመኩሮና ብምብጋስ፡ ካብ ምርሕሓቕ- ምቅርራብ፣ ካብ ምንጽጻግ- ምድምማጽ፣ ካብ ሕድሕድ ምንሽሻው-ምክብባር፣ ካብ ብተናጸል ምቅላስ ብሕብረት ከም ዝበልጽን ንህዝባዊ ቃልስና ከምዘሐይልን ብምግንዛብ፡ ኣብ ዝሓለፈ መጀመርያ ሰሙን ናይ ወርሒ ግንቦት 2008 ዝተኻየደ ''ሓድነታዊ ጉባኤ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ'' ኣብ ታሪኽ ምሕዝነታዊ ቃልስና ሓድሽ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ተርእዮ እዩ። ንተቓላሳይ ህዝብና ድማ ዓቢ ናይ ቃልሲ ሞራል ዝህብን፡ ንጉዕዞ ቃልስና ንቕድሚት ዝድርኽን ምኳኑ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ እዩ።*

*ይኹን'ምበር እዚ ኣወንታዊ ተበግሶን ናይ ቃልሲ ስጉምትን'ዚ ጅማሮ ጥራሕ ኮይኑ ንኸይተርፍ፡ ግንባራዊ ሓድነትና ብዝያዳ ከነደልድልን፡ ተሳትፎ ሓፋሽ ህዝብና ኣብቲ ቃልሲ ክድንፍዕን፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ዓቕሚ ከሳትፍን ከወሃህድን ዝኽእል ዋዕላ ክካየድ ክንጽዕትን ክንቃለስን እዩ ትጽቢት ዝግበረልና።*

*ስለዝኾነ ድማ ካብ ኣብ ዘይመሰረታዊ ዝኾኑ ፍልልያት ዝተሰረተ ፖለቲካዊ ሂወት ብምንጋፍ፡ ዝመሳሰል ርእይቶን ፖለቲካዊ እምነትን ዘለወን ውድባት፡ ብዘተኣማምን መስርሕ ናብ ሓድነት ክመጻ፤ መሰረታዊ ናይ እምነትን ዕላማን ፍልልያት ዘለወን ውድባት ከኣ ኣብቲ ዘራኽበን ነጥብታት ተሰሪተን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላእን ሓባራዊ እዋናዊ ሃገራዊ ዕማማትን ኣብ ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝተመስረተ ደሞክራስያዊ ባህሊ*

ብምዝውታር፡ ብሓባር ክቃለሳን ፖለቲካዊ ሕመቓትናን ዘይጽቡቕ ምስልናን ብምቕያር፡ ጸላኢ ብድኽመታትና ንዝረኽቦ ዘሎ ዕድል ብምብርዓን ሃገራውን ህዝባውን ጸገማትና ኣብ ዝሓጸረ ግዜ መኽተሚ ክረክብ ንምግባር፡ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ክንሰርሕ መድረኽ ይጠልበና ስለዘሎ ግቡእና ንምፍጻም ክንረባረብ ኣለና።

*ውጹዓት ክፍሊ መንእሰያት ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ*!

ኣብ ትሕቲ ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን ወተሃደራዊ ትካል ናይ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ኮይንኩም፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ዝኸፈቶም ኣዕነውቲ ውግኣት እናኣተኹም መስዋእትን ስንክልናን ዝበጽሓኩም ዘሎ፡ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ልምዓት ኢሉ ዝሰየሞም መደናገርቲ መደባት ናይቲ ስርዓት፡ ስድራኹም ብዘይ ኣላዪ ገዲፍኩም፡ ትምህርትኹም ኣቋሪጽኩም፡ ነጻ ጉልበትኩም ንውሑዳት መራሕቲ ህግደፍን ናይ ውግእ ጀነራላቱን ጊሎት ብምኳን ኣብ ምግልጋል ትርከቡ ምህላውኩም፡ ንስኹም ጥራሕ ዘይኮነስ መላእ ህዝብታትናን ሕብረተ-ሰብ ዓለምን ዝፈልጥዎ ጭቡጥ ሓቂ እዩ።
ስድረ-ቤትኩም ኣላዪ ስኢነን እናተበታተና፡ ብድኽነትን ሕማምን እናተሳቐያ፣ ንስኻትኩም ካብ ትምህርትኹም ቦኺርኩም፡ ናይ መጻኢ ዕድልኩም ጸልሚቱ፡ ብግዴታ መሳርሒ ናይቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ብምኳን፡ ንነብስኹምን ህዝብኹምን ኣብ ምብዳል ኢኹም ትርከቡ ዘለኹም።

ስለዚ ጠቕምኹም ምስቲ ህዝብን ሃገርን ዘዕኑ ዘሎ ስርዓት ዘይኮነስ፡ ምስ ህዝብኹምን ህዝባዊ ቃልስታቱን ጥራሕ ስለዝኾነ፡ ኣብ ጎን'ቲ ነቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ንምውጋድ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ብምውጋን፡ ጭቆናን ዓፈናን ናይ ህዝብኹም ኣብ ምውጋድን ነዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ምድምሳስን ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ኣብ ምህናጽን ታሪኻዊ ግዴኹም ክትጻወቱ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ) በዛ ታሪኻዊት ዕለት እዚኣ ጻውዒቱ የቕርበልኩም።

*ሓፋሽ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ*

ኣብ ሰፍ ዘይብል ኩለ-መዳያዊ ጭቆናን ምዝመዛን፡ ኩናትን ህልቂትን፡ ዕንወትን ምብትታንን፡ ዋሕዚ ስደትን ከባብያውን ዓለማውን ተነጽሎን፡ ካብ ድኽነትን ሕማምን ድንቁርናን፡ ስእነት ፍትሕን ደሞክራስን ልምዓትን ተላቒቕና፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ርግኣትን፡ ፍትሕን ማዕርነትን፡ ልምዓትን ዕቤትን ኣረጋጊጽና ምስ ናይ ርሑቕን ቀረባን ህዝብታትን ሃገራትን ብፍቕርን ሰላምን ምክብባርን ምድግጋፍን ሓቢርና ክንነብር እንኽእል ነዚ ናይ ኩለ-መዳያዊ ወጽዓናን ሽግራትናን ጠንቂ ዝኾነ፡ ብስም ለኣላውነት ህዝብን ሃገርን እንዳደናገረ ዕድመ-ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ምጽዓር ዝነጥፍ ዘሎ ኣረሜናዊ ስርዓት ካብ ስልጣን ከነወግድ ምስ እንኽእል ጥራሕ ስለዝኾነ፡ ነዚ ናይ ድሕነትን ህልውናን ቀጻልነትን ዋሕስ ዝኾነ ዕላማና ክዉን ንምግባር፡ በዛ ታሪኻዊት ዕለት ዝዓበየ ናይ ቃልሲ ምርብራብ ከነካይድ ድልውነትና ከነረጋግጽን ቃልስና ኣሐይልና ክንምርሽን'ዩ ዝህልወና።

ዝተረፉና መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ንምርግጋጽ ብጽንዓት ንቃለስ!
ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!
ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ)
24 ግንቦት 2008